# ህዝባዊ ዋዕላ ምስማዕን ምምሃርን፡-

# ብዕምቆት ዝዝተዩ ኣናእሽተይ ኣኼባታት

## መምርሒታት

ኣብዚ ብዕምቆት ዝዝተዩ፣ ንተምሃሮና ኣብ ትምህርቲ ዕዉታት ምኧን እንታይ ማለት ምኧኑን ከምኡ'ውን ናብኡ ንክበፅሑ ብዝፍጠሩ ዕድላት ከመይ ክንሕግዞም ከም እንኽእል ክንድህስስ ኢና።

ናይ'ቲ ዝርርብ ቀንዲ ነጥቢታትን ኣርእስታትን ንምምዝጋብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሓደ ኣተሓባባሪን ሓደ መዘኻኸሪ ተሓዚ ክህልዉ እዮም – እዞም ኣኼባታት ናይ ድምፂ ቀረፃ ኣይግበረሎምን እዮም፣ ግን መዘኻኸሪ ምትሓዝ ነቲ ትካል ካብ'ዞም ዘተታት ዝረኸቦ ሓፈሻዊ ዛዕባታት ኣብ ትልምን መፃኢ ስራሕን ንምትእትታው ወሳኒ እዩ። እቲ ኣተሓባባሪ ንጉጅለታትኩም ተኸታተልቲ ሕቶታት ብምቅዳም ብዛዕባ ዓወትን ዕድላትን ተምሃሮ ዘለኩም ኣተሓሳስባን፣ ከምኡ'ውን ወረዳታት፣ ማሕበረሰብን መንግስትን ብሓባር ኮይኖም ነቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ክንርእዮ እንደሊ ዓይነት ዕድላት ከመይ ክድግፉ ከምዝኽእሉ ንምድህሳስ እዩ።

**በጃኹም ኣስተዉዕሉ፡-** ትምህርቲ ሓያል ስምዒታትን ርእይቶታትን ዘልዕል ዓውዲ ምኧኑ ንፈልጥ ኢና እና እዚ'ም ድማ ፈተንቲ ዝርርባት እዩም። ናይ ሎሚ ምሸት ዝርርብና ዘተኩር ንተማሃሮና ዓወት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብምግላፅን ትካል ትምህርቲ ንኩሎም ተማሃሮ ፅሬቱ ዝሓለወ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንክረኽቡ ኣብያተ ትምህርቲ ብኸመይ ክድገፉ ከምዝኽእላን ዘተኮረ እዩ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዝተረኽቡ ናይ ሕድሕድ ናይ ሓሳባት ፍልልያት ከኽብሩ ከምኡ'ውን ኣብዚ ሎሚ ምሸት ዝተረኽበ ኩሉ ሰብ ኣወንታዊ ለውጢ ክድግፍ ስለዝደለየ ምኧኑ ኣፍልጦ ንህብ።

# ብዕምቆት ዝዝተዩ ናይ ጉጅለ ምይይጥ ሕቶታት

## ናይ ተማሃሮ ዓወት

1. ሓደ ተማሃራይ ዕዉት ምኳኑ ምስ ፈለጥካ፣ እዞም ዝስዕቡ ሓዊስካ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ትምህርቲ እንታይ ይመስል፡-
    a. ኣብ መባእታዊ ብርኪ?

    b. ኣብ ካልኣይ ብርኪ?

    c. ኣብ ድሕሪ ካልኣይ ብርኪ?

2. ብዛዕባ'ዞም ዓወታት ክትሓስቡ ከለኹም፣ እንታይ ዓይነት ዳታ ወይ ሓበሬታ'ዩ ኣብ ዓወት ናይ'ዚ ዝስዕብ ክትግምግሙ ትውከሱ፡-
    a. ተማሃሪኹም?

    b. ቤት ትምህርትኹም?

    c. ብሓፈሻ፣ ተምሃሮ ቨርሞንት?

## ደገፍትን ተመኩሮታትን ተመሃሮ

3. ኣብያተ ትምህርትኹም ንተምሃሮኹም ዕዉታት ንክኾኑ ብኸመይ ይሕግዝዎም? (ንኣብነት፣ ናይ ደገ ትምህርቲ፣ ማሕበራዊ ስምዒታዊ ትምህርቲ፣ ኣካዳሚያዊ ደገፋት፣ ወ.ዘ.ተ)

4. ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘይርከቡ ንተማሃሮ ክተርእዮም ትደልዮም ካልኦት ምንጫታት ኣለዉ'ዶ?

5. ኣብ ዝኾነ ይኹን ቤት ትምህርቲ ይምሃሩ ብዘየገድስ፣ ንኹሉ ተማሃሮ ክህልዎም ይግባእ እትብሎም ዝተሓተ ደረጃ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ወይ ተመኩሮታት ክህልዎ ኣለዎ ኢልካ ትሓስብ ዲኻ?

6. ነዚ ዝተሓተ ዕድል ኣብ ዝተወሰኑ ምድላዋት ንምቅራብ ዕንቅፋታት ዘለዉ'ዶ ይመስለካ?

## በጀት

7. ኣብ መላእ እታ ግዝኣት ዝርከቡ ስርዓታት ትምህርቲ ምዝገባ ቁፅሪ ተመሃሮታት እናነከየ ይፅገሙ ኣለዉ። እዚ ኣብ ናትካ ስርዓት ሓቂ ድዩ ከምኡ እንተኾይኑ፣ እንታይ ሳዕቤናት ሪኢኻ?

8. ገለ ኣብታ ግዝኣት ዘለዉ ኣብያተ ትምህርቲታት ትሑት ተመዝገብቲ ኣለዉ እዚ ድማ ንምምራሕ ዝኸፈአን ንተመሃሮ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንምሃብ ዘፀግም ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር፣ እዘም ኣቀማምጣታት መብዛሕትኡ ግዜ ንማሕበረሰብን ስድራቤታትን ኣገደስቲ እዮም። ቨርሞንት ኣብ ኣናኣሽቱ ኣከባቢታት ምስ ኣድላይነት ናይ ትምህርቲ ዕድላት ንተመሃሮ ከመይ ገይሩ ከተዓራሪ ኣለዎ?

9. ቨርሞንት ኣብ ትምህርቲ ነፃነትን ከባቢያዊ ቁፅፅርን ዘኽብር ግዝኣት'ዩ፣ ግን ብሓባር ምስራሕ ረብሓታት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ተማሃሮን ኣብያተ ትምህርትን ብዝተመጣጠነ ዋጋ ንዝበለፀ ዕድላት ክረኽብሉ ዝኽእሉ እንታይ ነገራት ክተካፈሉ ትደልዩ?